## ዳዊት 126

1 እግዚኣብሄር ንምሩኻት ጽዮን ምስ መለሶም፣ ከም ሓለምቲ ነበርና።
2 ሽዑ ኣፍና ብሰሓቕ፣ መልሓስናውን ብእልልታ መልኤ። ሽዑ ኣህዛብ፣ ነዚኣቶም እግዚኣብሄር ዓብዪ
ግብሪ ገይሩሎም፣ ተባሃሀሉ።
3 እግዚኣብሄር ዓብዪ ግብሪ ገበረልና፣ ንሕናውን ተሐጐስና።
4 ዎ እግዚኣብሄር፣ ከም ንወሓይዝ ደቡብ ጌርካ ንምሩኻትና ምለሶም።
5 ብንብዓት ዚዘርኡ ብእልልታ ይዐጽዱ።
6 ዘርኢ ተሰኪሞ ብብኽያት ይወፍር፣ እንዳእቱ ተሰኪሙ ብእልልታ ይምለስ።

## ሮሜ 6

19 ስለ ድኻም ስጋኹም በዛራርባ ሰብ እዛረብ ኣሎኹ፡ ከምቲ ንርኽሰትን ግፍዕን ናብ ምፍራስ ሕጊ
ኣካላትኩም ንባርነት ዝወፈኹም፡ ከምኡ ድማ ሕጂ ንጽድቂ ናብ ቅድስና ኺግዛእ፡ ኣካላትኩም ወፍዩ።
20 ባሮት ሓጢኣት ከሎኹምሲ፡ ካብ ጽድቂ ውጹኣት ሓራ ኢኹም ዝነበርኩም።
21 መወዳእታኡ ሞት ስለ ዝኾነ፡ በዚ ሎሚ እትሐፍሩሉ ዘሎኹም እንተ ዘይኰይኑስ፡ በቲ ጊዜ እቲ
እንታይ ፍረኡ ነይሩኩም፧
22-23 ዓስቢ ሓጢኣትሲ ሞት እዩ፡ ውህበት ጸጋ ኣምላኽ ግና ብክርስቶስ የሱስ ጐይታና ናይ ዘለኣለም
ህይወት እዩ። ሕጂ ግና ካብ ሓጢኣት ሓራ ስለ ዝወጻእኩም፡ ንኣምላኽውን ስለ እተገዛእኩምዎ፡
ፍሬኹም ንቅድስና ኾይኑ ኣሎ፡ መወዳእታ ኸኣ ናይ ዘለኣለም ህይወት እዩ።

## ሉቃስ 19

1 የሱስ ኣብ ያሪኮ ኣትዩ ብእኣ ሐለፈ።
2 እንሆ፡ ዘኬዎስ ዝስሙ ሰብኣይ ነበረ። ንሱ ሓለቓ ተገውቲ እዩ፡ ሃብታምውን እዩ።
3 ንየሱስ ከኣ፡ ኣየናይ ምዃኑ ኺርእዮ ይደሊ ነበረ። ቍመቱ ሓጺር ስለ ዝነበረ ኸኣ፡ ካብ ብዝሒ እቲ
ህዝቢ እተላዕለ ምኽኣል ሰኣነ።
4 ምሕላፉ ብእኣ ነበረ እሞ፡ ቅድሚት ጐይዩ ኺርእዮ ናብ ሳግላ ሐኾረ።
5 የሱስ ድማ ኣብታ ቦታ ምስ በጽሔ፡ ኣንቃዕሪሩ ጠሚትዎስ፥ ዘኬዎስ፡ ሎሚ ኣብ ቤትካ ኽውዕል
ይግብኣኒ እዩእሞ፡ ቀልጢፍካ ውረድ፡ በሎ።
6 ቀልጢፉ ወረደ ተሐጒሱውን ተቐበሎ።
7 እዚ ምስ ረኣዩ ድማ፡ ኣብ ቤት ሓጥእ ሰብኣይ ኪውዕል ኣተወ፡ ኢሎም ኵላቶም ኣዕዘምዘሙ።
8 ዘኬዎስ ከኣ ተንሲኡ፡ ንጐይታ፡ ጐይታይ፡ እንሆ፡ ፈረቓ ጥሪተይ ንድኻታት እህብ፡ ገለ ዝዓመጽክዎ
እንተሎውን፡ ኣርባዕተ ዕጽፊ እፈድዮ፡ በሎ።
9-10 የሱስ ድማ፡ ወዲ ሰብ ንጥፉእ ኪደልን ኬድሕንን እዩ ዝመጸ እሞ፡ ንስኻ ኸኣ ወዲ ኣብርሃም ስለ
ዝኾንካ፡ ሎሚ ነዛ ቤት ምድሓን ኰነላ፡ በሎ።